

YOUTH AND MEDIA

NATIONAL PLATFORM FOR THE PROMOTION OF MEDIA SKILLS

ንወለዲ
ካብ ቆልዑት
ክሳብ 7 ዓመት

# ምኽርታት ንኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት

www.youthandmedia.ch

## ጽቡቕ ንምፍላጥ

**ኤለክትሮናዊ ሚድያ ሎሚ ኣብ ምሉእ ዓለም ንቡር እዩ ኾይኑ - ዋላ ንቆልዑት።** እቶም ዝነኣሱ ድሮ ዓበይቲ ሰባት ሞባይል ከመይ ከምዝጥቀምሉ፣ ዝዓበዩ ኣሕዋት ኣብ ላፕቶፕ ወይ ኣብ ቅድሚ ቲቪ ኮፍ ከምዝብሉ ክርእዩ ይኽእሉ። ከም ኩሉ ሓድሽ ዝኾነሎም ነገር እንተላይ ኤለክትሮናዊ ሚድያ ውጥምናኦም የተስእ። ከም ወለዲ ነዚ ከመይ ትሕዝዎ፧

**ሓደ ነገር ርጉጽ እዩ፥ ምክልኻል ኤለክትሮናዊ ሚድያ ንቆልዑት ዋላ ጠቓሚ ዋላ ክውንነታዊ ኣይኮነን።** ኣብ ክንድኡ ተሓታትነት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ብተግባር ክረኣየሎም ኣለዎ፣ ከምኡ'ውን ንዕድሞም ዝተመልከተ ትሕዝቶ ክምረጽ ኣለዎ ከምኡ ድማ ቆልዑት ምስ ሚድያ ክራኸቡ ከለው ክስነዩ ኣለዎም። ቆልዑት ውልቀ-ሰባት እዮም፣ ምዕባለኦም ብዝተፈላለየ እዩ ዝካይድ፣ ሰለዚ ጥራይ ንዕድመ ዝእንፍቱ ሕጋጋትን ደረታትን ብዙሕ ግዜ ዕላማ የብሎምን። ብዝኾነ ግን ወለድን ካልኦት ፈለጥትን ኣብ መዓልታዊ ናብራ ክእንፍቱ ዝኽእሉ **ነጥብታት** ኣለው።

**ብምኽርታትና ብኣወንታን ሃናጽን ንጉዳይ ምጥቃም ሚድያ ክትቀርቡ፣** ምስቶም ቆልዑት ብሓንሳብ ትሕዝቶታት ከተረጋገጹ፣ ኣገባባት መሳርሒታት ክትፍትኑ ከምኡ'ውን ምትሓዝ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት ብጥንቁቕ ክትምድቡ ከነተባብዓኩም ንደሊ።



# ለበዋታት

**ነቶም ቆልዑት ኣብ ምጥቓም ሚድያታት ኣሰንይዎም ኢኹም።**

ቆልዑት ኣብዚ ናይ ሚድያ ወይ ናይ ኮምፒተር ዓለም መሰነይታ ብወለዲ ወይ ብካልኦት ፈለጥቲ ሰባት የድልዮም። ኣጠቓቕማ ሚድያ ኣብቲ ቆልዓ እንታይ ሳዕቤን ከምዘለዎ ከምኡ'ውን እንታይ መልሲ ከምዘርኢ ተዓዘቡ ኢኹም (ንኣብነት ብፍርሂ ወይ ብሓጎስ)። ብዛዕቡ ምስቲ ቆልዓ ተዘራረቡ።

**ናይ ኣረኣእያ ተራ ከምዘለኩም ኣስተውዕሉ።**

ወለድን ካልኦት ፈለጥቲ ሰባትን ንቆልዑትሲ ኣብ ምትሓዝ ሚድያታት ኣረኣእያታት እዮም። ስለዚ ናትኩም ልምድታት ሚድያ ተቑጻጸሩ ኢኹም።

**ኣብ ኣተሓሕዛ ኤለክትሮናውያን ሚድያታት መስተብሃልቲ ኩኑ።**

ንኣሽቱ ቆልዑት ብቀዳምነት ወፋይነትኩም የድልዮም፣ ዋላ ውን ተንቀሳቓስነት ከምኡ'ውን ግዜ ንነጻ ምጽዋትን ዕንደራታትን የድልዮም። እዚኦም ተመኩሮታት ምስቲ ዝተሰነየ ኣጠቓቕማ ኤለክትሮናዊ ሚድያ ክጽንበር ይከኣል። ምጥቓም ናይ ስክሪን ኮምፒተር ሚድያታት ቅድሚ ዓራት ምኻድ ንምውሳድ ድቃስ የኸብዶ እዩ።

**ናይ ስክሪን ግዜታት ወስኑ ኢኹም።**

እቲ ቆልዓ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ግዜ ኣብ ቅድሚ ስክሪን ከምዝውዕል ትውስኑ ኢኹም። ኩሉ ቆልዓ ካልእ እዩ፣ ንውልቃዊ ሳዕቤን ኤለክትሮናዊ ሚድያ ከምኡ'ውን ንዓቕሚ ኣቓልቦ ቆልዓኹም ኣስተውዕሉ ኢኹም። ንጹራት ደረታት ስርዑ ከምኡ ድማ ከም ተኸተሉ ውን ኣስተውዕሉ።

### ነቲ ደረት ዕድመ ውን ኣኽብሩ ኢኹም።

ናይ ዕድመ ደረት ናይ ፊልምታት (FSK ወዘተ) ከምኡ'ውን ጸወታታት (PEGI፣ USK ወዘተ) ኣስተውዕሉ ከምኡ'ውን ብተወሳኺ እቲ ትሕዝቶ ንቆልዓኹም ብቑዕ እንተኾነ ሕሰቡ ኢኹም።

### ሚድያታት ዝኾነ መእለዪ ቆልዑት ኣይትክኡን'ዮም።

ኤለክትሮናዊ ሚድያታት ንምህዳእ ወይ ንምዝንባል ንቆልዑት ክጥቀሙ የብሎምን። ቆልዑት ነቲ ትሕዝቶ ሚድያ ኣብ ሓንጎሎም ክሰርሕዎ ከለው፣ ጥራይ ብኣካላቶም ስቕ ይብሉ። ብዝተኻእለ መጠን እቶም ቆልዑት ኣብ ናይ መዓልታዊ ናብራ ጉዳያት ኣብ ተግባር ኣውዕልዎም።

### ክፉት ዝርርብ ካብ ናይ ፊልተር ዘለዎ ሶፍትዌር ኣገዳሲ እዩ።

ምስቲ/ታ ቆልዓ ከከም ዕድመኡ ብዝተመልከተ ብዛዕባ ዝሻቐሉ ትሕዝቶታት ተዘራረቡ። ቲቪ፣ ኮምፕዩተር/ላፕቶፕ ከምኡ'ውን ታብለት ኣብ ክፍሊ ቆልዑት ክይተንብሩ ኢኹም። ፊልተር ዘለዎ ሶፍትዌር (ትእዛዛት ኮምፒተር) ጠቓሚ እዩ ግና ምሉእ ምክልኻእል ኣይህብን እዩ።

### ጥንቃቐ ምስ ግላዊ ሓበሬታን ስእልታት ኣብ መርበብን።

ኣብ ኢንተርነት ከምኡ'ውን ብሕልፊ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያታት ምስ ስእልታትን ግላዊ ሓበሬታን ከም ስም፣ ኣድራሻን ዕድመን ናይቲ ቆልዓ ተጠንቀቑ ኢኹም። ኣብ ኢንተርነት/ኦንላይን ዝዝርግሑ ስእልታት ገጻት ቆልዑት ክርእዩ የብሎምን።

### ምርዳእ ሚድያ ውን ኣመሓላለፉ።

ረክላም ከመይ ከምዝሰርሕ ነቲ ቆልዓ ግለጹ ከምኡ'ውን ኣብ ቲቪ ወይ ኣብ ዩትዩብ ዘሎ ረክላም ካብ ካልእ ትሕዝቶ ከመይ ክፈላለ ከምዝከኣል ግለጹ ኢኹም።

### ኣወንታውን ሃናጽን ምትሓዝ ሚድያ ኣተባብዑ ኢኹም።

ሃናጺ ኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ስእልታትን ቪድዮታትን ሙዚቃን ድገፉ ኢኹም። ኣድናቒ ተመኩሮ ፍጻሜታት ክገብሩ ዝኽእሉ ጽቡቓት ጸወታታትን ቪድዮታትን ኣለው። እቲ ኢንተርነት ብዝተረፈ ዕብይ ዝበለ ምርጫ መምሃሪ ትሕዝቶ ይህብ።

## ተወሰኺቲ ሓበሬታታት

መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ እዩ። **ቆልዑትን መንእሰያትን ንዲጂታላዊ ሚድያታት ብርጉጽን ተሓታትነትን ክሕዝዎም ንደሊ ኢና።** ስለዚ ሓበሬታን ምኽርን ለበዋን ንወለድን ፈለጥትን ጥራይ ነቕርብ ዘይኮንና እንተላይ ንመምሃራንን ኪኢላታትን፥
www.youthandmedia.ch

እዚ በራሪ ጽሑፍ ንወለድን ኣለይትን ፈለጥትን ናይ ኣብ ትሕቲ 7 ዓመት ዝገበሩ ቆልዑት (ዕድመ ቅድሚ ትምህርቲ) ይምልከት እዩ። **ክልተ ተወሰኺቲ በራሪ ጽሑፍ ኣለው፣** ሓደ ምስ ለበዋታት ንጉጅለ ዕድመ ካብ 6 ክሳብ 13 ዓመት (ዕድመ መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ) ከምኡ'ውን ሓደ ንወለድን ፈለጥትን ናይ መንእሰያት (ዕድመ 12 ክሳብ 18)። **ኩሎም በራሪ ጽሑፋት ኣብ 16 ቋንቋታት ይርከቡ እዮም።** ኣብ ሓበሬታ መርበብና ብነጻ ክትጠልብዎም ወይ ክትስሕብዎም ትኽእሉ።

ኣብ ሓበሬታ መርበብና ብዝተረፈ ንኩሎም ለበዋታት ቀጻልቲ ሓበሬታታትን ሊንክታትን መግለጺታትን ክትረኽቡ ኢኹም፥
**www.youthandmedia.ch/recommendations**

**ብዝስዕብ ተሓቲሙ**
መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን
ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ
ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ንማሕበራዊ/ሶሸያል ኢንሹራንስ
ከምኡ'ውን
ZHAW ናይ ዙሪኽ ኮለጅ ንዝተዘውተሩ ስነፍልጠታት
ጨንፈር ዝተዘውተረ ስነ-ኣእምሮ
ኪኢላ ጉጅለ ስነ-ኣእምሮ ሚድያ
መራሕነት፥ Prof. Dr. Daniel Süss፣ MSc Gregor Waller

ስእልታት፡- Pia Neuenschwander፣ photopia.ch

ጠለብ (ነጻ)፥
BBL፣ Verkauf Bundespublikationen (ምሽማት ፈደራላዊ ሕታማት)፣ CH-3003 Bern
www.bundespublikationen.admin.ch
መጥለቢ ቁጽሪ፥ 06.20 2000 318.861.tig
Tigrinya

©2020 መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን፣ ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ፣ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ንማሕበራዊ/ሶሸያል ኢንሹራንስ / ZHAW ናይ ዙሪኽ ኮለጅ ንዝተዘውተሩ ስነፍልጠታት

Zurich University
of Applied Sciences

zh
aw School of Applied
Psychology

Psychological Institute

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

Federal Department of Home Affairs FDHA
**Federal Social Insurance Office FSIO**